

# ሓዳርን ክርስትናን

ዶር ስብሓት ጠና

ክቡር ዶር ስብሓት፣ ስለቲ እትህቦ ትምህርትታት ኣብ "ብስራት"፣ ኣዝየ ኣመስግን። እንተ ፈቒድካለይሲ ቀጺለ እዚ ዝስዕብ ክካፍለካ እፈቱ።

መናብርቲ ብጸይቲ ረኺበ ክምርያ እሞ ሓዳር ክገብር፣ ንዓይ እትከውን ክደሊ ካብ ዝጅምር ነዊሕ ኲይኑ። ምስ ብዙሓት ዝነኣዳ ኣሓት'ውን ተራኺበን ተፋሊጠን፣ ኩለን ክኣ ብሓቂ ዝጐደለን የብለንን።

ኣብ መወዳእትኡ ኣነ ምስኣ ንሳ ድማ ምሳይ ብፍቕሪ ጥጡሕ ናብራ ክንነብር ንክእል ኢና ዝብላ ኣዝየ ዝፈትዋ ጓል ረኺበ። ክምቲ ንቡር ንስድርኣ ክብረት፣ ሽማግለ ክሰድድ ነቶም ኣያታተይ ዝብሎም ሰባት ምስ ኣካፈልኩዎም፣ ኣይተሓጐሱን። እቲ ዘይመሓጐሲኦም ምኽንያት ድማ፣ ጓል ሽዱሽተ ዓመት ቆልዓ ስለ ዘለዋ እዩ።

ክርስትያን ሓብተይ እያ። እፈትዋ ድማ እየ። እቶም ኣያታተይ ከጕህዮም ድማ ኣይደልን። ንዓኣ ከኣ ክገድፋ ኣይደልን እየ። እሞ፣ ብዛዕባ እዚስ እንታይ መማኸርካኒ? እትህበኒ ኩሉ ምኽርን ትምህርትን ክቕበሎ እየ።

*ተኽለ በ. (ስዊድን)*

ዝኸበርካ ሓወይ ተኽለ፣ ስለዚ ካብ ልቢ ዝኾነ ግሉጽ ሕቶኻ ኣመስግነካ። ካብቲ ሕቶኻ ከም እተረዳእኩዎ እንተ ደኣ ኾይኑ፣ እዞም "ኣያታተይ" ዝበልካዮም ሰባት ኣባላት ናይ ስድራ ቤትካ ድዮም? ከም ዝተረዳእኩዎ፣ "ኣያታተይ" ነቦኻን ነዴኻን ወይ ኣቦሓጎኻ ኣይጥርንፍን። ስለዚ እቲ ምስኦም ዘሎካ ዝምድና እንታይ ወይ ከመይ ምዃኑ ኣይበርሃለይን።

ካልኣይ፣ ገለ ገለ ካብ ኣዝማድካ ከምኡ'ውን ስድራ ቤትካ ዘኽብርዎም ፈተውትኻ ወይ ኣዕሩኽትኻ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ከምኡ'ውን ብቐረባ ዘይትፈልጦም ግና እንተ ብዕድሚኦም ወይ ብኻልእ ስርሖም እተኽብሮም፣ ንሳቶም እውን ዝንእዱኻ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ልዕሊ እዚ ንእግዚኣብሄር ዚፈርሁ ረዘንቲ ሰባት፣ ወይ ንእግዚኣብሄር ዘይፈርሁ ዓይነት ሰባት'ውን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ግና እቲ ነጥቢ ንሱ ኣይኰነን።

ቅድሚ ኹሉ ነዘን ዝስዕባ ዘለዋ ሓሳባት ቅርብ ኢልና ክንርእየን እሞ ኽንስተውዕለን እደሊ። ቃል ኣምላኽ ኣብ 1ይ ጴጥሮስ 2፡17፡

> *"ንኹሉ ሰብ ኣኽብሩ፣ ሕውነት ኣፍቅሩ፣ ንኣምላኽ ፍርሁዎ፣ ንንጉስ ኣኽብርዎ፣"* ይብል።

ሀ. ልዕሊ ኩሉ፣ ካብ ገዛእ ርእስና እኳ ኽይተረፈ ኣብሊጽና፣ ንኣምላኽ ክንፈርሆን ክነፍቅሮን ክንእዘዞን ግቡእና እዩ። (ማቴ 22፡37 ማር 8፡34)

ለ. ነቦናን ነዴናን ክነኽብሮም (ማለት ክንሰምዖም/ክንእዘዞም፣ ከምቲ ዝግባእ ድማ ኽንሕግዞም ግቡእና እዩ። (ማቴ 15፡3-6 ኤፌ 6፡1 ቈሎሴ 3፡20)

ሐ. ክብረት ንዝግብኦም ሰባት ኩሎም መራሕቲ ይኹኑ ሰበ-ስልጣን ኽንህብ ግቡእና እዩ። (ሮሜ 13፡7፤ እብ 13፡17)

ናብቲ ዘቕረብካዮ ሕቶ ኽንምለስ። ብቐዳምነት፣ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እታ እተፍቅራ ክርስትያን ሓብትን፣ ኣብ መንጎ ክልቴኹም ናይ ሕድሕድ ክርስትያናዊ ፍቕሪ ምህላዉ ኣዝዩ ሰናይን መሰረታውን ጉዳይ እዩ።

ስለዚ፣ ክልቴኹም እኳ ተፋቒርኩም፣ ግና ፍቓድኩም ምስ ዘይከውን ማንም ሰብ፣ ኣምላኽ እውን እንተ ኾነ፣ ሓዳር ክትገብሩ ኽገድደኩም ዝኽእል የልቦን። ኣብ ልዕሊ እዚ ኩሎም ዝፋቐሩን ዝደላለዩን ዘበሉ ናይ ግድን ሓዳር ኽገብሩ ኣለዎም ማለት ድማ ኣይኰነን።

ፍቕሪ ኣሕዋት ክህልወና ግቡእ እዩ። ካብ ሓደ ሰብ ንላዕሊ እውን ክንምርያ ድሌት ክህልወና ወይ ፍቓደኛታት ክንከውን ዘይከኣል ነገር ኣይኰነን። ግናስ እቲ ኩሉ እንደልዮ ስለ እንደልዮ ቅኑዕ ወይ ግቡእ ማለት ኣይኰነን።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስኩዎ፣ ኣብቲ ሕቶኻ ኣዝዩ ዘይበርሃለይ ነገራት ኣሎ። ስለዚ እዚ ዝሃብኩኻ መልሲ ኣብቲ ሓፈሻዊ ምርዳእ ናይ እቲ ሕቶኻ ዝተሞርኰሰ እዩ። ነቲ ገጢሙካ ዘሎ ንፍታሕ ዝጠቅም ገለ ነጥብታት ሂበካ ክኸውን ተስፋ እገብር።

ብዓቢኡ ግና፣ ንእግዚኣብሄር ዝሰኣኖ የልቦን እሞ፣ ክልቴኹም ብዛዕብኡ ጸልዩ። ነቲ ግዚኣብሄር ዝህበኩም መሪሕነት ድማ ኣስተውዕሉሉ።

# ንቓል ኪዳንና ንከናኽና

ኣብታ ዝሓለፈት ሕታም ቍጽሪ 45 ናይ "ብስራት" ነቲ ልሙድ ዓምዲ፣ "ሓዳርን ክርስትናን" ኣመንጕው ኣቢልና፣ ኣብ ንሓዳርን ክርስትናን ዝምልከት ኣብ ካልእ ትምህርቲ ኣላጊስና ከም ዝነበርና ዝዝክር እዩ።

ኣብዛ ሕታም እዚኣ ኽኣ እምበኣር፣ ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይ እቲ ዝጀመርናዮ ትምህርቲ ክንክይድ።

## 2. ቃል ኪዳን ምሕላው

ናይ መርዓና ስርዓት ከነክብር ከሎና፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ኣብ ቅድሚ ሰባትን ዝኣቶናዮ መብጽዓ ኵሉ ጊዜ ምዝካሩ ይጠቅም እዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ቀሪብና ክነስተብህለሉ ዘሎና ነገር ድማ ኣሎ።

2.1. መፍቀሪ ሰብኣይ ክኰነልኪ እየ፡ ክብል ከሎ ንጐይታ የሱስ ዝእዘዝን ዘገልግልን፡ ጐይታ ህይወቱ ኣሕሊፉ ክሳዕ ዝህብ ንቤተ-ክርስትያን ከም ዘፍቀራ፡ ኣነ'ውን ንበዓልቲ ቤተይ ዘፍቅር፡ ካብ ጥቕሚ ርእሰይ ናታ ድሕነትን ጣዕምን ዘቐድም ኰይነ ክከናኸና፡ ድላያ ከማልኣላ፡ ኣምላክ ንህይወታ ዝመደቦ ክትከታተል ከበራትዓ ፍቓደ እየ ማለቱ እዩ። (እታ ሰበይቲ'ውን ከምኡ።)



2.2. ብእዋን ርኹብ ይኹን ስእነት፡ ብእዋን ጥዕና ኰነ ብሕማም፡ ብእዋን ሓጐስ ኰነ ሓዘን ኵሉ ሞት ክሳዕ ዝፈልየና ምስኣ ሓቢረ ክነብር ቃል እኣቱ ኣለኩ። እስከ ነዘን ኣርባዕተ ነጥብታት (ቃል መብጽዓታት) ቅርብ ኢልና ነስተብህለለን።

ሀ. ኣብ እዋን ምርካብ ኰነ ምስኣን። ሃብትን ድኽነትን ንብዙሓት ሰባት ፈላልዩ እዩ፣ ገና'ውን ይፈላሊ ኣሎ። ገለ ብትምህርቲ ገለ ኻልኦት ብስራሕ ጉዳይ (ሓላፍነት ወይ ዝተፈላልየ ዓይነት ክብረት ዘምጽእ መዝን

> “ከምቲ ተኽሊ ብዘይ ማይን ግቡእ ክንክንንን ዝደርቕ፣ ልክዕ ከምኡ ኸኣ ሓዳር ክንክን የድልዮ።”

ሽመትን) ገለ ኻልእ'ውን ብገንዘብ፡ ኰታ ብምኽንያት ብዝተፈላልየ መገዲ ዝረኸብዎ ዕብየት ኣብ ምፍልላይ ዝኣትዉ ሒደት ኣይኰኑን። ገንዘብ ሰብኣይን ሰበይትን ካብ ዘጋጭዉ ነገራት ሓደ እዩ። ኣይንዘንግዓዮ!

ለ. ብጥዕና ኰነ ብሕማም። ብምኽንያት ዝኾነ ይኹን ሓደጋ ካብ ዓራት ወይ መንበር ምንቅስቓስ ስኢንካ ዓዲ ውዒል ኣብ ትኾነሉ እዋን፡ ከምኡ'ውን ብምኽንያት ዝኰነ ይኹን ሕማም ጐደሎ ኣካል ወይ ስንኩል ኴንካ ኣብ ትተርፈሉ እዋን፡ ብዕድመ ተጨማዲድካ ኣብ እትደኽመሉ እዋን ኩሉ እሙን ምኳን ዘጠቓልል እዩ።

ሐ. ብሓጐስን ጓህን። ብሰሪ ናይ ወለዲ ወይ ናይ ውሉድ ሕማም ኰነ ሞት፡ ኣብ ሓዳርካ ዘሎ ርክብን ዝምድናን ክሕሽክር ይክእል እዩ። ስለዚ ብሓጐስን ጓህን ክብል ከሎ ነዚ ኸምዚ ሽግራት ብሓባር ኰንካ እናፈታሕካ እቲ ዝኣተኻዮ ቃል ኪዳን ጸኒዑ ክነብር ከም ዘለዎ ዝሕብር እዩ።

መ. ሞት ክሳዕ ዝፈልየና። ብህይወት ክሳዕ ዘሎና፡ ኵነታትን ቦታን ብዘየገድስ ሓቢርና ክንነብር ኢና ማለት እዩ። እግዚኣብሄር እውን ከምኡ እዩ ዚጽበየና።

ረ. ከይፈለኩዋን ተፈሊኹዋን ሓቢረ ንም ንባር። ደባልነት ከይኰነ ከም ሓደ ኣካል ኴንካ ምንባር ማለት እዩ።

2.3. ንዓኪ ጥራይ፡ እሙን እከውን፡-

ሀ. ብግብረ-ስጋ ምስ ካልእ ሰበይቲ ዘይምጽማድ፡ ከምኡ'ውን ዘቀራርብ ዕ ርክነት ዘይምምስራት።

“ፍቓድ ኣምላክ እዚ እዩ። ቅድስናኩም። ካብ ምንዝርና ክትርሕቁ እሞ፡ ከምቶም ንኣምላክ ዘይፈልጡ ኣህዛብ ብፍትወት ትምኒት ዘይኰነስ ነፍስ-ወከፍኩም ንሰበይቱ ኪዳኑ ብቕድስናን ክብርን ምሕላይ ኪፈልጥ እዚ ፍቓድ ኣምላክ እዩ። ኣምላክሲ ንቕድስና፡ እምበር ንርክሰት ኣይጸውዓናን እሞ፡ እግዚኣብሄር ብኲሉ እዚ ነገርዚ ሕነ ዝፈዲ ስለ ዝኰነ'ውን ቀደም ከም ዝበልናኩም፣ ዝመስከርናልኩምን ሓደ እኳ ንሓዉ በዚ ነገርዚ ኣየናሽዎን ኣይበለጸሉን። (1ይ ተሰ 4፡3-7)

ብሓሳብ እሙን ምኳን። ፈተና እንተ መጸ ምህዳም ደኣ እምበር ዘይምስልሳል። ንሰበይትካ ብመልክዕ ኰነ ካልእ ባህሪ ምስ ካልእ ሰበይቲ ብፍጹም ዘይምውድዳር።

ለ. ፍቕርን ናይ ግብረ-ስጋ ትምኒት ኰነ ድልየት ምስ ብዓልቲ ቤትካ ጥራይ ክከውን ኣለዎ፡ ናይ ግድን ድማ እዩ። ንርእስካ ምሉእ ብምሉእ ንብዓልቲ ቤትካ ምሃብ፡ ካብ ወላዲ፡ ካብ ኣዕሩክ፡ ካብ ውሉድካ'ውን ይኩን ንሳ ከም እትቕድም ምግንዛብ። ልቢ ሰብኣይ ናይ ሰበይቱ እዩ።

ሐ. ድጋፍ ምሃብ። ብክእለታን ብባህሪኣን ምትእምማን።

2.4. ናይ ቤተ-ሰበይ መንፈሳዊ ህይወት ከም ቃል ወይ ፍቓድ እግዚኣብሄር እናሓሎኩ ክነብር ቃል እኣቱ ኣሎኩ። ናይ ቤተ-ሰብ መንፈሳዊ ህይወትን ዕ ብየትን ናይ ሰብኣይ ሓላፍነት ጥራይ እንተ ዘይኰነ'ውን መሪሕነቱ ተረዲኡ፡-

ሀ. ናይ እግዚኣብሄር ቃል ምጽናዕ ን ምእዛዝን፡

ለ. ቤተ-ሰቡ ቃል እግዚኣብሄር ምምጋብ፡

ሐ. ኩሉ ጊዜ ምስ ቤተ-ሰቡ ኰይኑ ምጽላይ፡

ካልእ ድማ እዚ ገበርኩም ንመሰውኢ እግዚኣብሄር ብንብዓትን ብብክያትን

ብዋይዋይታን ከደንኩምዎ እሞ፡ ደጊም ንሱ ነቲ መስዋእቲ ኣይጥምቶን። ካብ ኢድኩም'ውን ባህ ኢልዎ ኣይቅበሎን። ስለምንታይ እዩ ከኣ ትብሉ ኣሎኹም። እግዚኣብሄር ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እታ ብጸይትካን ብዓልቲ ቃል ኪዳንካ ክነሳ ዝጠለምካያ ሰበይቲ ንእስነትካን፡ ምስክር ስለ ዝኾነ እዩ። ሓደ'ዶ ኣይኮነን ነዚ ዝገበረ ንሱውን ዕዙዝ መንፈስ ነበሮ። እቲ ሓደኸ ስለምንታይ እዩ ዝገበሮ? ዘርኢ ኣምላኽ ስለ ዝደለየ እዩ። እምበኣርሲ መንፈስኩም ሓልዉ። ነታ ሰበይቲ ንእስነቱ ድማ ሓደ'ኳ ኣይጥለም። ምፍታሕን ንኪዳኑ ብዓመጽ ዚከድኖን እጸልእ ኣሎኹ፡ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል። ስለዚ ከይትጠልሙ መንፈስኩም ሓልዉ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። (ሚልክያስ 2፡13-16)

> ነታ ሰበይቲ ንእስነቱ ድማ ሓደ'ኳ ኣይጥለም። ምፍታሕን ንኺዳኑ ብዓመጽ ዚኸድኖን እጸልእ ኣሎኹ፡ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት።

ብጸጋ ምምልላስ ንልቢ የርዊ ንመንፈስ ከኣ የረስርስ። ቃል ኪዳን ምሕላው ናይ እግዚኣብሄር ትእዛዝ ምሕላው እዩ። ሰላምን በረኸትን ድማ የኽትል። እንተኾነ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ስለዚ ምስ ጐይታ ምምልላስን ምጒዓዝን ንለማመዶ። እስከ ሕስብ ነብሎ! ኣብዚ ብዝኣተናዮ ቃል እሙናት ኴንና እንተ ዘይተረኺብናስ፡ ነቲ ቓሉ ኽጽንዕ ኣብ ክንዳና ሞይቱ ካብ ሓጢኣትና ኣናጊፉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክህበና ቃል ተሰፉ ዝሃበናስ ብኸመይ ንገልጸሉ? ንእኡ ዝኣተናዮ ቃል ኽንሕሉስ ብኸመይ ንእመን?

ኣነ ፍቓደ እንተ ኾንኩ ብጸይተይ ከይትከውን ትክእል። ንሳ ክትጽዕር ከላ ድማ ኣነ ግዲ ዘይብለይ ክከውን እክእል። እቲ ሓይሊ ዘድልየና ድማ ነዚ ኽምዚ እዩ። ስለዚ ሳልሳይ ኣካል የድልየና፡

ግና እቲ ምስጢር፡ እቲ ሳልሳይ ኣካል የሱስ ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ እቲ ጾር'ውን ዝቐልል። ባዕሉ ዝኣተዎ ቃል፡ እቶም እንጽዕርን እንደክምን ናብኡ ምስ እንመጽእ እቲ ዝኸብደና ጾር ባዕሉ ከም ዝጸረልና ይነግረና። (ማቴ 11፡28)

